# ልደት 2018 ዓ.ም.

## 29 ታሕሣሥ 2018 ዓ.ም. ( 1/7/2025)

**በጎል ሰከበ በአጽርቅት ተጠብለለ እግዚእ ወመድኀን ቤዛ ኵሉ ዓለም ዮም ተወልደ**

**ንባባት፡** ቲቶ 2፡11-14፥ 1ዮሓ 4፡1-9፥ ግ.ሓ. 13:16-25፥ ሉቃስ 2:1-14.

**ምስባክ፡**

1. ወአነሂ በኲርየ እረስዮ፥ ወልዑል ውእቱ እም ነገስተ ምድር ወለዓለም አዓቅብ ሎቱ ሣህልየ። “አነ እውን በኾረይ ክገብሮ እየ ንሱ ኻብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኺኸውን እዩ፥ ነቲ ዘተስፈኽዎ ምሕረት ንዘለዓለም ክሕልወሉ እየ፥ ኪዳነይ እውን ከጽንዓሉ እየ” መዝ. 89፡-27～28።
2. የሓዩ ወይህብዎ እምወርቀ ዓረብ፥ወዘልፈ ይጸልዩ በዝንቲአሁ፥ወኵሎ አሚረ ይድኅርዎ “ካብ ሸባ ወርቂ ይህብዎ፥ ኵሉ ጊዜ ምእንትኡ ይጸልዩ፥በረኸት እግዚአብሔር ድማ ኾሉ ሳዕ ምስኡ ይኹን” መዝ። 72፡15
3. ምስለከ ቀዳማዊ በዕለተ ኃይል፥ብርሃኖም ለቅዱሳን፥ወለድኩከ እም ከርስሥ እምቅድመ ኮኮበ ጽባሕ፥ መዝ.109፡3።

**በዚ ብሩክ ምሸት ንኹልኹም እንቋዕ አብ ብርሃነ ልደቱ አብጽሓኩም እናበልኩ ንአኹምን ንኹሎም ፈተውትኹምን ናይ ጸጋን ምሕረትን ሰላምን ፍቕርን ዘውርድ ይገበረልኩም እብል። ልደት ብፍሉይ አምላኽ ከማና ሥጋ ለቢሱ ደቂ ድሕነት ክንከውን ሰበሰረ ፍጻሜ ስለ ዝኾነ ሎሚ እውን ነፍሲወከፍና ተኻፈልቲ ጸጋ ልደት ኮና ንሓዲስ ርክብን መንፈስን ምስ አምላኽን ሰብን ዝዕድመና እዩ እሞ ልብና ከፊትና ኦ ኢየሱስ ሕጻን ሎሚ እውን አብ ልበይ ተወለድ ንበሎ።**

**ወዲ ትሽዓተ ዓመት አድኃኖም ካልአይ ክፍሊ እዩ ዝምሃር ኩሎም መሳትኡ ራብዓይ ክፍሊ እናተማህሩ። ቁመቱን ጉብዝንኡን ክተረአእዮ ከሎኻ ዓቢ ወዲ እዩ ዝመስል ግን ድንዝዝ ዝበለን ክምሃር ዝሑልን እዩ። እንተ ኾነ አድኃኖም ኵሉ ጊዜ ተስፋ ዝመልአ፥ ኵሉ ክገብር ዝደሊ፥ ፍሽኽ ምስበለ ንዝኾነ ጽጉም ክሕግዝ ዝደሊ እዩ፥ ብኹሎም ደቂ ክፍሉ ዝተፈትወ እዩ ነሩ። ወለዱ አብ መዓልቲ ልደት ብመሳትኡ ቆልዑ አብ ዝግበር ምርኢት ክሕወስ አተባቢያሞ። አድኃኖም ከም ጓሳ ክዓዪ እዩ ዝደሊ ነሩ እንተ ኾነ ከም ሓላዋይ ማዕጾ ማሕደር አጋይሽ ገሮሞ። እቲ መራሒ ምርኢት ንአድኃኖም ሓላው ማዕጾ ዝገበሮ ዝኾነ ሰብ ከይአቱ ክኽልክል ኢሉ እዩ። አብቲ ጊዜ ልምምድ ዝገብሩሉ ዝነበሩ እዋን አድኃኖም ንዮሴፍ ከስተውዕለሉ ከይከፍቶ እዩ ተሓቢሩ። ምርኢት ምስተጀመረ ከም አድኃኖም ገሩ ብምሉእ ልቡ ዝተሰናደወ አይነበረን። ዮሴፍ ምስ ማርያም ነፍሰጾር ዝነበረት ማዕጾ ምስ ኳሕኵሐ አድኃኖም ተሰናድዩ እዩ ጸኒሑ። ማዕጾ ፍንቕቕ አቢሉ ቀስ ኢሉ እንታይ ደሊኻ ኢልዎ። ዮሴፍ መሕደሪ ደሊና ኢልዎ፥ አድኃኖም ትርር ብዝበለ ድምጺ አብ ካልእ ድለ መኅደሪ ዝኸውን ክፍሊ የለን ኢልዎ፥ ዮሴፍ ክድንግጸሉ ኢሉ በጃኻ ምእንቲ እዛ ነፍሰጾር ሰበይተይ ማርያም ብጣዕሚ ደኺማ እያ ዘላ እተዕርፈሉ ቦታ የድላያ አሎ ኢሉ ለመኖ። አድኃኖም ጽን ኢሉ ድሕሪ ምስማዕን አኽዓቦ እናአስተንፈሰ አብ**

ማርያም እናጠመተ እንከሎ ሓደ መዲኡ ቀስ ኢሉ የለን በለሞ ኢልዎ ሽዑ ማርያምን ዮሴፍን ተስፋ ቆሪጾም ኣብ ካልኦም ክደልዩ ቀሲ ኢሎም ክኸዱ ጀመሩ፥ ኣድኃኖም ሱቕ ኢሉ ድሕሪ ምጽናሕ እናነብዐ ደድሕሪኦም ስዒቡ ኣይትኺዱ ክፍለይ ክህበኩም እየ ተመለሱ ኢልዎም ይብሃል።

ዘመነ ምጽኣት ተወዲኡ፥ ኣቐዲምና እንገብሮ ምስንዳውን ምቅርራብን ተፈጺሙ ብዓቢ ሓጎስን ክብርን ብዓል ልደትና ነብዕል ኣሎና። ዝኸረ ልደት መድኃኒና ክርስቶስ ንነፍሲ ወከፍና ዘዘኻክሮ ንኣና ከድሕን ሰብ ዝኾነሉ፥ ስለ ዝኾነ ዝዓበየን ዝለዓለን ብዓል እዩ ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ክርስቶስ መልክዕ ወዲሰብ ዝለበሰሉ ንሰብ ካብ ሞትን ኃጢኣትን ክድሕን ዝመጸሉ ስለ ዝኾነ። ኢየሱስ ሎሚ እውን ብዳግም ኣብ ልባትናን ሕይወትናን ክውለድ ይደሊ ኣሎ እሞ ክውለድ ቦታ ኣልኦዶ?

ወንጌል ካብ ሉቃስ ኢና ኣንቢብና ኣብኡ ብዛዕባ ልደት ኢየሱስ ኣብ ቤተሊሔም ከምኡ ብመላእኽቲ እዚ ዘሓጉስ ዜና ንጓሶት ከም ዝተነግረ ኣንቢባና። ሉቃስ ነቲ ዝነግሮ ታሪኽ ሓቂ ከም ዝኾነ ክገልጽ ኢሉ ኣጉስጢስ ቄሳር ንጉሥ እንከሎ፥ ቀሬኔዎስ ኣብ ሶርያ ተሸሙ እንከሎ ቆጸራ ህዝቢ ከም ዝተገብረ ኢየሱስ ዕሹ ከም ዝተወልደ ይነግር። ብዙሓት ከም ዝቕበልዎ ኢየሱስ ብ4 ቅ.ል.ክ. ኢዩ ተወሊዱ። ሉቃስ ነዚ ቆጸራ ህዝቢ ዝጠቕስ ማርያምን ዮሴፍን ካብ ናዝረት 80 ማይል ንደቡብ ካብ ንእሽቶይ ከተማ ናይ ገሊላ ኣብ ቤተልሔም ናይ ይሁዳ ከተማ ንጉሥ ዳዊት ኣብታ ወራሲ መንግስቲ ንጉሥ ዳዊት ዝውለዳ ተነጊሩ ዝነበረ (ሚክያስ 5፡1) ከም ዝተፈጸመ ክነግር ኢሉ እዩ።

ዮሴፍን ማርያም ማኅደሪ ስለ ዘይረኸቡ ካብ ቤተልሔም ውጽእ ኢሎም ኣብ ብዓቲ ክሓድሩ ተገዲዶም ኣብኡ እንከለዉ ማርያም እትሓረሰሉ ጊዜ ስለ ዝበጽሐ በኸሪ ወዳ ወለደት ብኣጭርቕቲ ጠብሊላ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቂሳቶ። መብልዕ ማል ኣምሳል ናይ እቲ ኢየሱስ ናይ መስዋዕቲ ምግብ ንኹሉ ዓለም ዝምግብ ክኾኖ ዘለዎ ዘመልክት እዩ። ልደት ክርስቶስ መጀመርያ ብመላእኽቲ ንጓሶት እዩ ተሓቢሩ። እዚ ኸኣ ዳዊት ጓሳ እዩ ነሩ፥ ንወራሲ ዳዊት ኣብ መብልዕ ማል ክቕበሉ ብቀዳምነት ተዓዲሞም። ጓሳ ምኻን ከቢድ ስራሕ እዩ ካብ ሰብ ተፈሊኻ ኣብ በረኻ ንበይንኻ ኢኻ እትነብር ከምኡ ካብ ዝኾነ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ሕይወት ተፈሊኻ ኢኻ እትነብር። ኢየሱስ ክውለድ እንከሎ ዝነበሩ ጓሶት እውን ከምኡ እዮም ነሮም በዚ ምኽንያት ሕጊ ዘየኽብሩ ኣይሁድ እዮም ዝቑጸሩ ነሮም። ኢየሱስ ግን ነዞም ኣብ ቅድሚ ሰባት ብዝተሓተ ደረጃ ዝርአዩ ዝነበሩ መጀመርያ ፍቕሩ ኣብ ምጅማር ሕይወቱ ኽገልጸሎም መሪጹ። እቶም ጓሶት ነቲ ኣምላኽ ዝገለጸሎም ክርእዩ ኣብቲ ቦታ ከይዶም ምልክት ምስኃንኦም ከኣ ህያባቶም ኣቕሪቦም። ድሕሪ መላእኽቲ እዞም ጓሶት ቀዳሞት ኣብሰርቲ ዜና ሰናይ ልደት ኢየሱስ ኮይኖም።

እዚ ናይ ልደት ሓበረታ ቃል ንቓሉ ዝንገር ታሪኽ ኣይኮነን ኣብ መለኮታዊ ነጥቢ ዘተኮረ እዩ፥ ማለት ኣትኩርኡ ኣብቲ ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ኣብ ምድሓን ዝገበሮ ንምግላጽ እዩ። ስለዚ እቲ ቀንዲ ኣትኩሮ ክውሃቦ ዘለዎ እቲ ዝንገር ታሪክ ፍቕሪ ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ንምግላጽ፥ ከምኡ ኢየሱስ ኣብ ምድሓን ደቂ ሰብ ዝተጻወቶ ታሪኽ ንምግላጽ እዩ በዚ እዩ ኸኣ ኣብ ትንታኔ ታሪኽ ዘይኣቱ። እሞ ብዓል ልደት ብዛዕባ እንታይ እዩ ዝነግር? እንታይ እዩ መልእክቲ ልደት?።

፩ይ ልደት ናይ ብርሃን ብዓል እዩ።

ንባባት ኩሎም ብዛዕባ ብርሃን ይሕብሩ፥ እቲ ኣብ መብልዕ ማል ዝተወልደ ሕፃን ብርሃን ዓለም እዩ። ሉቃስ ወንጌላዊ ከም ዝሕብረና ኢየሱስ ምስ ተወልደ ነቶም ኣብ ከባቢ ዝነበሩ ጓሶት ብመልኣኹ ገሩ ከበስሮም እንከሎ ክብሪ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያኦም በርሀ ይብል። ኣብ ነብይ ኢሳያስ እቲ ኣብ ጸልማት ዝነብር ህዝቢ ዓቢይ ብርሃን ረአየ ነቶም ኣብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዚነብሩ ድማ ብርሃን ወፀሎም (ኢሳ 9፡2) ዝብል ነንብብ። ብሓቂ ዓቢ ብርሃን በሪቑ ምኽንያቱ

ኣብቲ ብትሕትና ኣብ መብልዕ ማል ዝበርሀ ብርሃን ምንጪ ሓዲስ ፍጥረት ስለ ዝርከብ። ኣብ ቤተ ልሔም ዝተወልደ ሕጻን ምንጪ ብርሃን ኮይኑ ንዅሉ ናይ ኃጢአት ድነ ጸልማት ይቕንጥጥ።

### ፪ይ ልደት ፍጻሜ ፍቕሪ እዩ፥ ናይ ፍቕሪ ብዓል እዩ።

ዮሓንስ ወንጌላዊ ብእኡ ዝአምን ዘበለ ዅሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዝህብ ክሳብ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ (ዮሓ 3፡16) ይብል። ልደት ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ህያብ ገሩ ኣብ ማከልና ዝሓደሮ፥ ምእንቲ ድሕነት ደቂ ሰብ ኢሉ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብአካል ዝተገልጸ እሞ ኣምላኽ ካሳብ ከንደይ ብዘይ ሓደ ውልውል ብምሉእ ዘፍቀረና ዝሓልየልና ምዃኑ ዝገልጽ እዩ። ሰብአ ሰገል ምልክት ልደት ክርስቶስ ምስ ርአዩ ኣብ ቤተ ልሔም ህያባቶም ሒዞም በጺሖም። ንሕና እውን ነቲ ኣምላኽ ዘርአየና ዓቢ ፍቕሪ ክነመስግን ኢልና ምሉእ ሕይወትና ከም ህያብ ነቕርቦ። ብዓለ ልደት ናይ ህያብ ብዓል እውን ክብሃል ይክአል እዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ መንጎ ስድራታትንን ፈተውትን ህያባት ይለዋወጡ። ዝዓበየ ህያብና ግን ክርስቶስ እዩ ንሕና እውን ህያብ ምስጋናና ነቕርበሉ።

### ፫ይ ልደት ናይ ሓጎስ ብዓል እዩ።

መልእኽ ነቶም ጓሶት እንሆ ንዅሉ ህዝቢ ዝኸውን ዓቢ ሓጎስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ፥ ምኽንያቱ ሎሚ መድኃኒ ክርስቶስ ጎይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ (ሉቃ 2፡10-11) ኢልዎም። ልደት ክብሰር እንከሎ ኩሉ ዝተገልጸ ነገራት ዅነታት እንተ ረአና ሓጎስ ዝመልኦ እዩ ነሩ። መልእኽቲ ናይ ሓጎስ ብስራት ይእውጁ ጓሶት ነቲ ዝተባህሎም ምስ ሰምዑ ንቤተልሔም ተቐላጢፎም ንኢየሱስ ሕፃን ክረኽቡ ብሓጎስ ኣብቲ ዘለዎ ከይዶም። ሰብአ ሰገል ካብ ርሑቕ ምስራቕ ነቲ ዝተገልጸሎም ሓጎስ ክርእዩ መጺኦም። ኤላስቤጥ ማርያም ምስ በጽሓት ሕጻን ዮሓንስ ብሓጎስ ኣብ ከርሳ ተሰራሰረ፥ ስምኦንን ሓናን ንህጻን ምስ ረአዩ ተሓጒሶም ንአምላኽ ኣመስገኑ። ሄሮዱስ ጥራሕ እዩ ብልደት ኢየሱስ ዘይተሓጎሰ። ሉቃስ ብሓጺሩ ዅሉ ብዛዕባ ሕፃንነት ኢየሱስ ከዘንቱ እንከሎ ኣብ ኩሉ ሓጎስ ከም ዘምጽአ ይገልጽ።

### ፬ይ ልደት ብዓል ሰላም እዩ።

መልአኽ ንጓሶት እናኣበሰሮም እንከሎ ብሃንደበት ከአ ብዙኃት ሠራዊት ሰማይ ምስቲ መልአኽ ኮይኖም ከምዚ ዝስዕብ እናበሉ ንአምላኽ የመስግኑ ነበሩ፥ ክብሪ ንአምላኽ ኣብ ኣርያም ሰላም ከአ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም እግዚአብሔር ዝሕጎሰሎም ሰብ (ሉቃ 2፡13-14) እናበሉ ክርስቶስ ምንጪ ሰላም ደቂ ሰብ ከም ዝኾነ ገሊጾም። ክርስቶስ ዘምጽኦ ሰላም ሰላም ኣምላኽ እዩ፥ እዚ ኸአ ሕይወት ብምሉእ ጽቡቑን ሃብቱን ምልአቱን ምስ ድላይ ኣምላኽ ምስትምቓር ማለት እዩ። መዝሙር መላእኽቲ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ሓቀኛ ሰላም ኣብ ዓለምና ነቶም ጽቡቕ ድላይ ዘልኦም እሞ ምስ ድላይ ኣምላኽ ኣወሃሂዶም ዝጉዓዙን ክብሪ ዝህቡን ጥራሕ ከምዝኾነ ይገልጽ።

### ፭ይ ልደት ብዓል ተስፋ እዩ።

ልደት ናይ ሓደ መዓልቲ ብዓል ኣይኮነን ብምልኡ ዘመን ልደት ዝሓዘ እዩ፥ ካብ 29 ታሕሣሥ ጀሚሩ ንሓደ ሶምን ዘሎ ዘጠቓለለ እዩ። እዚ ንመዓልታት እነብዕሎ ነቲ ብክርስቶስ ዝመጸና ሓጎስ ካሳብ ዳግማይ ምጽአቱ ብዕለታዊ ሕይወትናን ርክባትናን እናገለጽና ኣብ ዅሉ ክነብጽሖ ንማለት እዩ። እዚ እዩ ቅ. ጳውሎስ ንቲቶ ኣብ ዝጸሓፎ ዝገልጾ፥ እቲ ምድኃን ዜምጽእ ጸጋ ኣምላኽ ንዅሉ ሰብ ተገሊጹ እዩ. . . . ከምዚ ኢልና ነቲ ብሩኽ ተስፋን ናይ እቲ ዕዙዝ ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምግላጽን ክብርን ንጽበ ኣሎና፥ ንሱ ካብ ኃጢአት ዘበለ

ሓራ ምእንቲ ኽውጽአና ንሠናይ ግብሪ ዚቐንኡን ንእኡ ዚኾንዎን ሕዝቢ ምእንቲ ኬንጽሕ ገዛእ ርእሱ በጃና ኣጎለፈ (ቲቶ 2፡11-14)።

ልዕሊ ኹሉ ልደት ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ኣማኑኤል እግዚኣብሔር ምሳና እዩ። ኣምላኽ ኣባና መጺኡ፥ ምሳና ኾይኑ፥ ኣብ ዘሎናዮ ደልዩ መጺኡና፥ ንገዛእ ርእሱ ገሊጹልና፥ ምሕረት፥ ሕድገት፥ ቅሳነት፥ ሞራላዊ ጽንዓት፥ ምመርሒ ኮታስ ኩሉ ኣምጺኡልና። ነፍስወከፍና ኣብ ውሽጥና እንተ ኣቶና ዝሰምዓና ጽምኣትን ሓንቲ ከም ዘይብልና ዝገልጽ፥ ናይ ዓላማን ትርጉምን ጽምኣት፥ ድሕነት ዘጨብጠና ኮና ክስምዓና ሃረርታ ኣሎና፥ ዝተመሓርና፥ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝሓዝና ኮይኑ ክስምዓና ንደሊ፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ናይ ምባል ሃንቀውታ ኣሎና። ልደት ዘረጋግጾ ኣምላኽ ብሓቂ ምሳና ከምዘሎ እዩ። ኣብ ኩሉ ኣብ ጊዜ ዝፈራሕናሉን በይንና ኮይና ኣብ ዝተሰመዓና ኣብ ጊዜ ሓዘን ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ።

ልደት መድኃኒና ክንዝክር እንከሎና እምብኣር ኣብ ሕልናና ኣቲና ሎሚ እውን ኣምላኽ ምሳና ከምዘሎ ብፍላይ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ኣብ ማእከልና ኣሎ፥ እዚ ኸኣ ኣብ ሓጎስና ምሳና ክሳተፍ ንማለት እዩ። እምብኣር ኣብቲ ቀንዲ ትርጉምን ምስጢር ብዓል ልደት ኣቲና ንኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መንጎና ገርና ነመስግኖ እሞ ብዓልና ብግቡእ ነብዕል።

ኣብ መወዳእታ ብዓል ልደት ክነብዕል ከሎና ሓደ ቀንድን ብርቱዕን ሕቶ ንሕተት እዚ ኸኣ ሎሚ ክርስቶስ እንተ ዝመጽእ ከመይ ኢሉ ምመጽኣና? ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና መጺኡ ኣሎ ኣብ ማዕጾ ኣብ ኣፍደገ ኮይኑ ይኹሕኵሕ ኣሎ። እሞ ነዚ ኣብ ልባትና ብዳግም ክውለድ ዝመጽእ ዘሎ ኢየሱስ ኣፍደገ ልባትና ንኽፍተሉ ዘሎና ንዓጽወሉ? ወይስ ከምቲ ኣብ መጀመርያ ዝሰማዕናዮ ንእሽቶይ ወዲ ኣድኃኖም ኣይትኺድ ክፍለይ ክህበካ እኽልእ እየ ንብሎ ኣሎና።

ልደት ናይ ዝሓለፈ ፍጻሜ ተዘክሮ ጥራሕ ኣይኮነን ብዝያዳ ናይ ሎሚን ኩሉ መዓልትን ፍጻሜ እዩ፥ ሎሚ ነዚ ፍሉይ ብዓልና ክንዝክር እንከሎና እምብኣር ብሓጎስ መድኃኒና ክርስትስ ሎሚ ተወልደ” እናበልና ንዘምር።

ብዓል ልደትና ክነብዕል ከሎና ፍሉይ ነገር ክንገብሮ ዘሎና መጀመርያ ብግልና ኣብ መእዲ ምሕረት ክንኣቱ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ፥ ነዚ ክንገብር ብኃጢኣትና ተኣሚና ኣብ ቤት ኣቦና ክንምለስ። ጉዕዞ ንስሓ ናተይ ኢልና ክንሕዞ ንሕተት ኣሎና። ነቲ ዝበደልናዮ ኣምላኽ ምሓረኒ በዲለ ኣቢሰ ኢልና ኣብ ቅድሚኡ ተምበርኪኽና ክፍኣትና ክንእመን።

ኣብዚ ክንበጽሕ ጸሎት ጾም ምጽዋት ክነዘውትር የድሊ። ንሰውነትና ክንማርኾ እሞ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣምላኽ ክም ዝምለስ ክንገብሮ። ቅዱስ መጽሓፍ ክነንብብን ክነስተንትንን ብፍላይ ካብ ወንጌል ሉቃስ በብዕለቱ ክነንብብ ይግባእ። ከምኡ ካልእ መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ንመንፈሳውነትና ዘዕቢ ክነንብብ ሓጋዚ እዩ።

ብሓባር ከም ደቂ ክርስቶስ መጠን ሓደ ልብን መንፈስን ክህልወና ኣብ ኣምላኽ እንምለሰሉ መገዲ ክንሕዝ ኣሎና። ባዕሉ ይፈልጥ ባዕላ ትፈልጥ ከይበልና ንዝበደለና እናመሓርና ንዝበደልናዮ እቕረበለለይ በልለይ እናበልና ደቂ ሓደ ክርስቶስ ክንከውን ንሕተት ኣሎና። ኣምላኽ መልእኽቱ ነጊሩ ኣሎ ስለዚ ክንሰምዕ ክንቅይር ክንምሕር ግደና እዩ።

ልደት ክርስቶስ ብዝያዳ ዕሞቅ ምስጢር ምሕረት ይገልጸልና። ክርስቶስ ሰላም ከም ጽኣልና ካብ ኃጢኣትን ሞትን ነጻ ከውጽኣና እዩ መጺኡ ስለዚ ንቀበሎ ኣብ ልብና ክውለድ ንጹሕ ቦታ ንቐርበሉ።

ልደት ሰላምን ፍቕርን ይግበረልና በዚ ኣጋጣሚ ንኹልኹም ርሑስ ብዓለ ልደት እብል።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ